# ዕላል ምስ ደራሲ መጽሓፍ

# “እንቱ በእናት” ማሞ ኣፈታ




ማሞ ኣፈታ ኣብ 1977፡ ኣብቲ ንኣፍዓበት ሓራ ዝገበረ መጥቃዕቲ ህዝባዊ ግንባር ተማሪኹ፡ ኣብ 1982 ናጻ ዝተለቀ፥ እንተኾነ፡ ምስ ብጾቱ፡ ኣብ ጐድኒ ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ክሰለፍ ዝመረጸ ኢትዮጵያዊ እዩ። ህዝባዊ ግንባር ንበዓል ማሞ፡ ‘ኣህጉራውያን ተቓለስቲ’ ዝብል ክብሪ ብምሃብ’ዩ ምስኡ ክሰለፉ ፈቒዱሎም። ማሞ፡ ንጕዕዞ ህይወቱ ከም ተመሃራይ፡ ወተሃደር፡ ምሩኽ፡ ተጋዳላይ፡ ኣፍቃርን ተፈቃርን፡ ብቐንዱ ድማ ነቲ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ኣተሓሕዛ ምሩኻት ዝነበሮ መርገጺ እትገልጽ መጽሓፍ ኣብ 2021 ብቛንቋ ኣምሓርኛ ዘሕተመ እዩ።

ደራሲ ናይታ ልዑል ተቐባልነት ረኺባ ዘላ፡ “እንቱ በእናት” ዘርእስታ፡ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ልዕሊ ምሩኻት ዝነበሮ ኣተሓሕዛ ማእከል ዝገበረት መጽሓፍ እዩ። ደራሲ፡ ኣብዚ ወርሒ’ዚ ናብ ኤርትራ መጺኡ ናብቲ ኣባል ሓለዋ ሰውራ እንከሎ ዝነበሮ ዓራርብ፥ ናብ ናቕፋ፥ ናብታ ዝተማረኸላ ኣፍዓበት፥ ናብታ ቅድሚ ምምራኹ ዝበዝሐ ናይ ውትህድርና ተመኵሮኡ ዘሕለፈላ ከረን በጺሑ። ኣብ ኤርትራ ኣብ ዝጸንሓሉ፡ መጽሓፉ ኣብ ኣስመራን ከረንን ምስ ህዝቢ ኣላልዩን ተመኵሮኡ ኣካፊሉን።

**ብመጀመርታ እንቋዕ ናብ ኤርትራ ብሰላም ተመለስካ። ስለምንታይ “እንቱ በእናት” ከም ኣርእስቲ መጽሓፍ መሪጽካዮ?**

ድሕሪ ክንደይ ኣማራጺታትን ጻዕርን ዝተበጽሐ ምርጫ እዩ። ልዕሊ ምጽሓፍ ዛንታይ፡ ኣርእስቲ ምምራጽ’ዩ ከቢዱኒ። “እንቱ በእናት” ዘበለኒ፡ ካብቲ ቀጥታዊ ኣርእስቲ ወጺእካ ንንባብ ዘሀንጠ ክምረጽ ኣለዎ ስለ ዝተባህለ እዩ። ኣርእስቲ ነቲ ምሉእ ትሕዝቶ ጠሚሩ ክገልጽ ኣለዎ። ስለዚ፡ ጆቴ [ቀንዲ ገጸ-ባህሪ ናይቲ መጽሓፍ] ሓደ ነዲኡ እዩ። ኣዲኡ ወደይ ክመሃረለይ

ኢላ ኩሉ ዝከኣላ ዝገበረት ኣደ እያ። ካብቲ ዝቐመጡሉ ዓዲ ወጻኢ እዩ ዝመሃር ነይሩ። ንመጨረሽታ ግዜ ንዕረፍቲ ምስ መጽኣ፡ ከም ልሙድ ስንቁ ኣስኒቓ እያ ኣፋንያቶ። ንሱ ግን ኩነታት ስድራቤቱ ድቃስ ስለ ዝኸልኦ፡ ቀሲኑ ክመሃር ኣይከኣለን። ኣብዛ ኣዲኡ ጣፍ ኣስኒቓ ዘፋነወትሉ ህሞት፡ እታ መኪና ክሳዕ ትኸወል ኣብ ሰጣሕ ጐልጐል ደው ኢላ ተፋንዎ ነይራ። ንሱ ኸኣ በታ ዝወጽኣ ኣይተመልሰን። ዓመታት ሓሊፉ፡ ድሕሪ 18 ዓመት ዳግማይ ክረኽቡ እንከለዉ፡ ኣደ ንወዳ ኣየላለየቶን። ን18 ዓመት ግን ብቐጻሊ በኺያ እያ። ስለዚ፡ ኣብዘን ዓመታት ንሳን ንሱን ዝተሳቐይዎ ብዙሕ እዩ። እቲ ታሪኽ እምበኣር ኣብዚ ክሊ'ዚ እዩ ዝዝንቶ። ቅድሚ “አንቱ በእናት” ከም ኣርእስቲ ምማራጹ፡ ልዕሊ ሓምሳ ዝኸውን ኣርእስቲታት ደርዲረ እየ። ኣብ መወዳእታ ከም ምርጫ ዝወሰድኩዋ ድማ እዚኣ ኼይና። ተወሳኺ መምረጺ ምኽንያት ከኣ ኣሎኒ። ካብ ገድሊ ናብ ኣስመራ ምስ ኣተና፡ ናይ ምሸት ትምህርቲ ክንመሃር ተፈቒዱና ነይሩ።




መጀመርታ ናብ ውትህድርና ክወጽእ ከለኹ ታሽዓይ ክፍሊ እየ ነይረ። ድሕሪ ምምራኸይ፡ ኣብ ሜዳ ንመሃር ነይርና ኢና፡ ግን ስሩዕ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ኣይነበረን። ኣብ ሜዳ ብብዝሒ ብምንባብ ናይ ቋንቋ ዓቕመይ ክብ ኣቢለዮ ማሞ ምስ በዓልቲ-ቤቱን ብጾቱን ኣብ ኣስማራ ፓላስ ስለ ዝነበርኩ፡ ኣስመራ ምስ ኣተና፡ ብቐጥታ ዓስራይ ክፍሊ ጀሚረ። ድሕሪ ናጽነት ናብ ኢትዮጵያ ክኸይድ ከለኹ እምበኣር ማትሪክ ተሳቲፈ፡ ሓሊፈ እየ ከይደ። ሓደ እዋን ናይ እንግሊዝኛ መምህርና ኣብ ሓደ ገጽ ድርሰት ጽሒፍኩም ምጽኡ ኢሉና። ኣነ ከም ኣርእስቲ፡ “Your Exccellency” (ክቡርነቶም) ኢለ ጽሒፈ። ኣብቲ ጽሑፍ፡ ጽማቑ ዛንታ ህይወተይ እየ ኣቕሪበ። ‘ሓደ

ተመሃራይ፡ ትምህርቲ ኣቋሪጹ፡ ኮብሊሉስ ዘጓነፎ ዕድል ውትህድርና ኲይኑ። ወተሃደር ኲይኑ ድማ ናብ ኤርትራ መጺኡ፡ ኣብ ኤርትራ ተማሪኹ፡ ተጋዲሉ። ድሕሪ ኽንደይ ዓመታት ናብ ዓዱ ተመሊሱ። ኣዲኡ ኣየለለየቶን'ሞ "ኣቱም" ኢላቶ።

ኣቱም ምስ በለቶ፡ ወጺኡ ከይዱ' ኢሉ ኣብ ሓንቲ ገጽ ጸሚቑዮ። እቲ መመህር፡ ካብ ናይ ኩሎም ተመሃሮ ነታ ናተይ ኣብ ኢዱ ኣትሪፉዋ። 'እዛ ታሪኽ እዚኣ ባዕለይ ከንብበልኩም እየ' ኢሉ ድማ ኣንቢቡዋ። ሽዑ፡ ገለ መማህርትና ዝነበሩ ተጋደልቲ ክበኽያ ርእየየን። መምህር፡ 'እንታይ እዩ እዚ? ካበይ ኣምጺእካዮ?' ኢሉኒ። ታሪኸይ እዩ ኢለዮ። ብጣዕሚ ተደኒቑ። እዚ ዝኸሪ'ዚ ምሳይ ቐጺሉ። ደሓር ኣርእስቲ መጽሓፍ ክሓስብ ከለኹ'ውን ዘኪረዮ። "Your Excellency" እንታይ እያ ትኸውን ብኣምሓርኛ ኢለ፡ ናብ ኣደ ኸኣ ኣጸጊዐያ፣ "አንቱ በእናት" ኢለያ። ኩሉ ሰብ ከኣ ብኣደ ትንኩፍ እንድዩ፡ ናይ ኣደ ነገር ከቢድ'ዩ። ስለዚ፡ እታ 'እናት' ትብል ቃል ንባዕላ ጽብቕቲ እያ። ንማሞ ብሓቂ ድያ ኣዲኡ ጋግያቶ? እቲ ኩነት ከመይ እዩ ነይሩ? እዚ ስራሕ ምንም ልቢ-ወለድ የብሉን። ጆቴ ድሕሪ 18 ዓመት ናብ ኣዲኡ ምስ ከደ፡ ኣብ ከባቢ ገዝኡ ምስ በጽሐ ገዛ ጠፊኡዎ። ምኽንያቱ፡ እቲ ወሰን ዝነበረ ማእከል ኲይኑ'ዩ ጸኒሑዎ። ኣብቲ ከባቢ ግን በጺሑ'ሎ። ቅድሚ ምውጽኡ ኣብቲ ከባቢ መደበር ፖሊስ ነይሩ፡ ሕጂ ክምለስ ከሎ ግን መናሃርያ ኣውተቡሳት ኲይኑ ጸኒሕዎ። ቀሩብ ተደናጊሩ። ደው ኢሉ። ሓንቲ ሰበይቲ ጋሻ ምዃኑ ኣለልያቶ። ምኽንያቱ፡ ምሉእ ጅንስ ዝተኸድነ ኣፍሮ'ዩ። ኣብቲ ከባቢ እዚ ልሙድ ኣይነበረን፣ 'ጋሼ ምን ፈልገው ነው?' ኢላትኒ። 'ሰብ ደልየ ነይረ፡' ኢለያ። 'መን?' 'እንዳ ወይዘሮ ዱሬ ጠፊኡኒ።' 'በጺሕካ ኣለኻ፡ እንህልካ እዚ ኵርሽ ተጻሒፉዎ ዘሎ፡ እዚ ዕንበባ ዘለዎ ገዛ፡' ኢላትኒ። እቲ ገዛ ክፉት እዩ ነይሩ። ድፍእ እንተ'በልኩዎ ተኸፊቱለይ። ኣትየ ኮፍ ኢለ። ክኣቱ ዝረኣየትኒ ሓንቲ ጐረቤት፡ 'ማማ፡ ጋሻ መጺኡክን ኣሎ' ኢላታ። ኣደይ ብድሕሪት እያ ነይራ። መጺኣትኒ፡ ሰንቢዳ። እናጠመተትኒ ኮፍ ኢላ። ኣነ ኣብዛ ሰዓት እዚኣ ዝደለኹዋ እየ ረኺበ። ምኽንያቱ፡ ኣደይ ርእያትኒ ክትስንብድ'ሞ ኣብ ዘይሕማማ ክትበጽሕ ኣይደለኹን። ፈጺማ ኣየለለየትንን። እንተ ተለልየኒ ምናልባት ምሰንበደት፡ ምተጸለለት፡ ምወደቐት ነይራ። ኣብቲ እዋን'ቲ ግንባር ሓርነት ኦሮሞ ኣብ ሓደ ቦታ ሰራዊቱ ኣኪቡ ነይሩ። ምስ ወያነ ተባኢሶም ናብ ጫካ ዝኣተዉሉ ግዜ እዩ ነይሩ። ስለዚ፡ እቶም ኦሮሞ ንሓደ ሆቴል ዝነበሮ ዘመድና፡ ኣምሓራይ ኢሎም ክቐትልዎ ይሃድንዎ ነይሮም። ንዕኡ ምስ ሰኣንዎ፡ ንደቁ ቀጥቂጠሞም። ስለዚ፡ ዝኾነ ጋሻ ክመጽእ ከሎ 'ንሳቶም'ዮም መጺኦም

ክስልዩና’ ዝብል ፍርሒ ነይሩ። ነደይ ዘፍርሓ ሓደ እዚ’ዩ፣ ደሓር ከም ዘዕለለትኒ፡ ‘ካብዞም በረኽያታት ክኸውን ኣለዎ’ ዝብል ስግኣት ነይሩዋ። ኣብቲ ፊተይ ኮፍ ኢላ፡ ሰላም ኢላትኒ። ሰላምታ ተለዋዊጥና። ‘ኣየለለኹኹምን፡’ ኢላትኒ። ‘ኣነ ግን እፈልጠክን’የ። ቀደም ናብዚ ገዛኽን እመጽእ ነይረ። ምስ ወድኽን ማሞ ኣብዚ ሓዲርና ንኸይድ ነይርና፡’ ኢለያ። ‘ወዲ ኣበይ ከባቢ ኢኹም?’ ሓቲታትኒ። ‘ኣብዚ ዋጇ እየ፡’ ኢለያ ዋጇ ዝበሃል ዓቢ ሩባ ኣሎ ኣብቲ ከባብ። ከምኡ ዝበልኩ፡ ኣዕሩኽተይ ካብኡ መጺኦም ገዛና ይሓድሩ ስለ ዝነበሩ እየ። ‘እወ፡ እወ ሓቅኻ ደቂ ዋጇ እዮም ምስ ወደይ ዝኸዱ ነይሮም፡’ ኢላትኒ። ‘ወድኽን ደኣ ኣበይ ኣሎ ሕጂ? ደሃይ ኣለክንዶ?’ ‘ማሞ ደኣ ቀደም ጠፊኡ እንድዩ፡’ ኢላ ብኽያት ጀሚራ። ከም ዘዕለሉኒ ስመይ ምስ ዝልዓል ብኽያት እዩ ዝቕድማ። ዕላል ቀጺለላ። ‘እንታይ ደኣ ዓቢርክን? ቀደም ሃብታም ነይርክን፡ ከብቲ ኣበይ ኣለዋ?’ ኢለያ። ብጣዕሚ ዓቢራ እያ ጸኒሓትኒ። ‘ናይ ወደይ ናፍቖት ኣሎኒ፡ ጥዕና’ውን ብዙሕ ኣይረኸብኩን፡’ ኢላትኒ። ንእግረ መንገደይ፡ ብዛዕባ ኣቦይ፡ በቦይ ዝውለዱ ኣሕዋተይ ሓቲተያ ኣብ ዓዲ ከም ዘለዉ ነጊራትኒ። ኩሉ ሕልማ ብዛዕባ ወዳ ምኳኑ ኸኣ ኣዕሊላትኒ። ‘ኣነ ሎሚ ድሕሪ 18 ዓመት እመጽእ ኣለኹ። ሎሚ ምሸት ኣደይ እልል ክትብል’ያ፡ ድሕሪ ቅሩብ መዓልቲ ኸኣ ወድኽን ክመጽእ’ዩ ንስኽን እልል ክትብላ ኢኽን፡’ ኢለያ። እቲ ብኽያት እናወሰኸ ኸይዱ፡ ንዓይ ከኣ ከም ገለ ገይሩኒ። ዕላል ክኸፍት ነይሩኒ። ‘ሓንቲ ሓፍትኽን’ኳ ነይራ ዝፈልጣ። ኣበይ ኣላ? ኣላ እንተ ኹይናስ ክርእያ፡’ ኢለያ። ‘ኣላ። እሞ እዚ ኹሉ ዓመታትሲ ምስ ወደይ ተራኺብኩም ኣይትፈልጡን?’ ‘እቲ ሰራዊት ብዙሕ’ዩ፡ እቲ ቦታ ኸኣ ገፊሕ’ዩ። ኣበይ ክንርአአ ኢልክናና፡’ ኢለያ ናብ ሓትነይ ክኸይድ ገዲፈያ ወጺአ። ደድሕረይ ወጺኣ፡ ‘ከይበላዕኩም’ሞ ፍጹም ኣይትኸዱን ኢኹም! ብመገሻ ውዒልኩምሲ. . .’ ኢላትኒ፡ ካብ ለቀምቴ እየ መጺአ ኢለያ ስለ ዝነበርኩ። ‘ደሓን ክምለስ’የ፡ ሳንጣይ ኣብዚ ይጽንሓለይ፡ ’ ኢለያ ወጺአ። እናበኸየት ደድሕረይ ወጺኣ፡ ኣነ ኣብቲ ጐልጐል እናኸድኩ፡ ኣብ መንደቕ ተጸጊዓ ትጥምተኒ ነይራ። ጐረቤት ወጺኣ፡ ‘እንታይ’ዩ’ዚ መዋእልካ ብኽያት! እዚ ቈልዓ’ዚሲ ኣብ ዘለዎ ከመይ ኢሉ ቀሲኑ ክነብር!? ወላ እንተ ሞተ’ውን ኣይቀስንን እዩ! ሕጂኸ እንታይ ኴንክን ምስ ወድኽን ነይረ እንተ በለንክሲ. . .’ ‘ኖኖእ! እዞም ሰብኣይ መርድእ ወደይ ክነግሩኒ እዮም መጺኦም። በቃ ሎሚ ናይ መወዳእታ ዝቐብጸላ መዓልቲ እያ፡ ’ ኢላ ብኽያት ቀጸለት። ርእይ ኣቢላትኒ ኸኣ፡ እዝስ ኣብቲ ኣካይዳኡ ወደይ ይመስል ክትብል ሰሚዐያ። ብዝኾነ ኣብዚ ይኣኽለና፡ ኣብቲ መጽሓፍ ብሰፊሑ ተገሊጹ ኣሎ። ቅሩብ ደኣ ቀጽለልና፡ ክሳዕ ተተርጕማ ናብ ኣንበብቲ ትበጽሕ መጻንሒ ይኸውን. . . ኣብቲ ዝቕጽል

መጽሓፍ እንድዩ ዘሎ። ግን ቅሩብ ክቕጽል። እዝስ ወደይ ይመስል ምስ በለት ኣደይ፡ እታ ካልኣይታ፡ ‘እሞ ብስሙዶ ክጽውዖ? ማሞ ዶ ክብሎ?’ ኢላታ። ‘ኖኖ እዚ ደኣ ዝሸየበ ኣረጊት ሰብኣይ ወደይ ኣይኮነን፡ እዝስ ግዲ የብልክን መርድእ ክነግረኒ’ዩ መጺኡ፡’ በለት ኣደይ። ናብ ሓትነይ ከይደ። ንሳ’ውን ኣየለለየትንን። ተመሳሳሊ ዛንታ ድማ ተፈጺሙ። ኣደይ ቈልዓ ልኢኻ፡ ‘እንታይ ኢሎም ከም ዘዕልሉ ዘለዉ ሰሚዕክዮም ምጽኢ’ ኢላታ። እቲ ዕላል ግን መለሳ ኣይነበሮን፡ ከምቲ ምስ ኣደይ ዘዕለልኩዎ እዩ ነይሩ። ሓትነይ ጸባ ክትሓቍን እያ ጸኒሓትኒ። ምስ ረኣየትኒ ሰንቢዳ። ኣብቲ መንደቕ ሽጕጥ ሒዘ ዝተሰኣልኩዎ ነደይ ዝሰደድኩላ ስእሊ ርእየ። ብድድ ኢለ፡ ‘እዚ ደኣ ማሞ አፈታ እንድዩ!’ ኢለያ። ‘እወ፡’ ኢላትኒ። ‘ኣበይ ደኣ’ሎ?’ ‘ማሞ ደኣ ቀደም ዝወጽአ፡ በዚ ሃረር ኣሎ’ዩ ዝበሃል።’ ስእሊ ናይ ካልኦት ቤተሰብና፡ ማለት፡ ናይ ወዳ፡ ናይ ኣኮይ. . . ኣስማት እናጠቐስኩ ደሃዮም ኣረጋጊጸ። ኩሎም ብህይወት ነይሮም። ኣደይ ኣብ ኣፍደገ ኰይና ብኽያት ምስ ቀጸለት ሰባት ክተኣኻኸቡ ጀመሩ። ካልእ ቈልዓ ልኢኽን፡ ንሓትነይ፡ ‘እዚ ጋሻ እንታይ ኢሉኪ በልያ’ ኢለንኣ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ኣነ፡ ‘በሊ ሓትነይ ስዓምኒ!’ ኢለያ። ሓትነይ ሰንቢዳ፡ ኣውያት ደርጕሓቶ። ትስዕመኒ፡ መሬት ትስዕም። ኣውያት ዝሰምዑ ጐረባብቲ መጺኦም፡ እታ ዝተላእከት ቈልዓ ሰንቢዳ ደው! ‘እንታይ ኢሉኪ፡ እንታይ?’ ትብላ ንሓትነይ፡ ‘ንዒ፡ ንዒ ወድኺ እዩ! ማሞ እዩ! በልያ፡’ ኢላታ። ኣደይ ነጻላ እናኳሰሰት መጺኣ. . . ኣብዚ ይኣኽለና። ክትጽሕፍ ከለኻ ንመን እናረኣኻ፡ ንመን እናሓሰብካ ኢኻ ጽሒፍካያ? እዛ መጽሓፍ ንብዙሓት ከም ትርኢ እያ ትገብረካ። ምኽንያቱ፡ ብጾትካ ትርኢ፡ ምስኦም ዘሕለፍካዮ ትዝክር፡ ገድሊ ኤርትራ ብምሉኡ ትርእዮ፡ ዘሕለፍናዮ ቓልሲ፡ እቲ ማእቶት ዝሰራሕናሉ ባዴላ፡ ኣፍራዛ፡ ማሳታት፡ ካብ ጸፊሕ እምኒ ዝተሰርሐ ሰሌዳታት ይርኣየካ፡ ንጽሕፈሉ ዝነበርና ወረቐት ጸባ ይርኣየካ፡. . . ዘይርኣየካ ነገር የለን። ናይ ንእስነት ፍቕሪ፡ እቲ ክሳብ ሎሚ ዘይተዛረብኩሉ ብዙሕ ነገር ይርኣየኒ። ካብ በረኻታት ነደይ ደብዳበ ክጽሕፈላ ከለኹን እቲ ዝበልኩዋን ይርኣየኒ፡ ብዙሕ ነገር ይርኣየኒ። ዝኸርታት ዝመልአ ብምኳኑ፡ ነቲ ዝኽርታት እዝክሮ። ነቲ ዝኽርታት እናጸሓፍኩዎ ንባዕለይ ብዙሕ ግዜ በኺየ። ኣብ ህይወተይ ሰረት ዘለዎምን ዘለወንን ሰባት እዝክር፡ ከም ወተሃደር ካብ ወልፍታት ሓራ ዝገበረትኒ ዝፋን እዝክር፡ ብዙሕ ዝዝከር እዩ ሰፊሩ ዘሎ። ስለዚ፡ ነቲ ክዝከር ዘለዎ እናዘከርኩ እየ ጽሒፈ። ብተደጋጋሚ ነደይ እዝክር ነይረ፡ ንሓደ ጌና ኣብ ክፍሊ ታዕሊም ከለና ምሳና ዝነበረ፡ ‘መቓብረይ ምናልባት ኣብ ጐቦታት ሳሕል እዩ ክኸውን’ ኢሉ ጋቢ ዝሃበኒ ደመርጋ ከለቻ እዝክር። ኣብ ክፍሊ ታዕሊም ከለና ኣብ ላዕልን ታሕትን ኢና ንድቅስ ነይርና። ኣብኡ፡ ‘ምስ

ተመረቕናስ ነዴታትና እንታይ ኢና ሒዝናለን ንኸይድ?’ ንበሃሃል ነይርና። ኣነ፡ ነደይ እዚ ናይ ደብረብርሃን ቀዳማይ ደረጃ ኲበርታ እየ ዝወስደላ እብል ነይረ። ንሱ ኸኣ፡ ‘ኣደይ ብጣዕሚ እያ ቡን ትፈቱ። ኩንታል ቡን ገዚአ ደው ከብለላ እየ፡’ ይብል ነይሩ። ፈጣሪ ኣይፈቐዶን፡ ቡን ኣይተገዝአ፡ ኲበርታ ኣይተገዝአ። ክልቴና ናብ ኤርትራ መጺእና፡ ንሱ ኣብ ጐቦታት ሳሕል ተሪፉ፡ ኣነ ዕድል ገይረ ክሳብ ሎሚ ኣለኹ። ስለዚ፡ እዚታት እዝክር፡ ነዚታት እናዘከርኩ ድማ ጽሒፈ።

**እዚ ዛንታ’ዚ ምሉእ ብምሉእ ሓቀኛ ዛንታ እዩ ኢልካ ነይርካ። ኣብ ገምጋም መጽሓፍ ዝቐረበ ንፈጠራ ገለ ገጸ-ባህርያት ዝምልከት ርእይቶ ኸኣ ነይሩ። ስለምንታይ ኢኻ ንማሞ ብጆቴ ክትጽውዖ መሪጽካ?**

እወ፡ እዛ ሕቶ’ዚኣ ብዙሓት ሰባት የልዕሉዋ እዮም። ኣብዝን ኣብ ኣዲስ-ኣበባን ዘንበቡዋ ዝሃብዎ ርእይቶ ድማ ተመሳሳሊ ነይሩ። ‘ደራሲ፡ ክሳዕ ክንደይ እዩ ነዚ ድርሰት’ዚ ተኣማኒ? ነዚ ኣዘንቲኻዮ ዘለኻ ክሳዕ ክንደይ ትኣምነሉ?’ ዝብሉኒ ብዙሓት እዮም። መልሰይ፡ ‘ኣሚነሉ እንድየ ጽሒፈዮ’ ዝብል’ዩ። ግደ ሓቅስ ብመጽሓፍ ክተገልጾ ዘጸግም ዛንታ’ዩ። ‘ኣሚንካሉ እንተ ኼንካ ደኣ’ሞ ‘ኣነ’ ወይ ‘ማሞ’ እናበልካ ዘይትጽሕፎ?’ ዝብሉኒ ኣለዉ። ብርግጽ፡ ፈቲነ ነይረ። እንተኾነ፡ ኣነ ከምዚ ገይረ ምዒደዮ፡ ኣነስ ከምዝን ከምዝን ገይረ፡ ኣነስ ብጣዕሚ ጽቡቕ’የ፡ ኣነ ንደቀንስትዮ እስሕበን’የ፡ ተጸሊለናለይ፡... ክብል ፈቲነ፡ ሓቂ ይኹን ግን ክጽሮ ኣይከኣልኩን። ነቲ ዝወዓልኩዎ’ሞ ‘ኣነ’ ኢለ ክገልጾ ዘይከኣልኩ፡ ኣብ ጆቴ [ቀንዲ ገጸባህሪ] ከም ድላየይ ኢለዮ። ሰላም ረኺበ ኸኣ። ነቲ ክዉንነተይ እየ ግን ኣብ ጆቴ ኣንጸባሪቐዮ። ጆቴ ንፉዕ፡ ግዱስ፡ ጽቡቕ፡... ምባል ይቐልል ካብ ኣነ እናበልካ ምዝንታው። ኣብዚ ናጽነት ኣለካ። ብሓፈሻ እዚ መጽሓፍ’ዚ ንኣሽቱ ናይ ኣስማት እምበር ካልእ ፈጠራ የብሉን። ኣስማት’ውን እቲ ውሑድ ወይ ሓሓሊፉ እንተ ዘይኰይኑ፡ ኩሉ ሓቀኛ እዩ። ካልኣይ ጆቴ ዝተመርጸሉ ምኽንያት፡ ንሕና ከም ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር መጠን፡ ‘ከምዚ ነይርና፡ ከምዚ ገይርና’ ኣይንብልን ኢና። ተጋዳላይ ብግብሪ እዩ ዝፍጽሞ እምበር ኣይዛረበሉን፡ ኣይንየተሉን እዩ። ‘ከምዚ ገይረ’ ምባል ጃህራ ኰይኑ እዩ ዝስምዖ። ኣብ ገድሊ፡ ‘ኣነ ከምዚ እየ ወይ ከምዚ ገይረ’ ኣይትፍቶን እያ። ሓደ ካብቲ ታሪኽ ተጋደልቲ ንኸይጽሓፍ ዝዓግት ዘሎ’ውን እዚ’ዩ ዝብል እምነት ኣሎኒ። ስለዚ፡ ኣነ፡ በዚ ባህሊ’ዚ ስለ ዝተጸለኹ፡ ነቲ ገጸ-ባህሪ ክፈጥሮ መሪጸ።

**ፍሉይነት ናይዚ መጽሓፍ'ዚ ካብቶም ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝተማረኹ ወተሃደራት ደርግ ነበር ነቲ ክዉንነት ኣብ ምግላጽ ፍሉይ ተበግሶ ምውሳድካ ምዃኑ ይግለጽ'ዩ። ብዙሓት ካብኣቶም ይትረፍ ናይ ዓይኒ ምስክርነቶም ክህቡ፡ ካብኡ ክሃድሙ፡ ገለ ኸኣ ክኽሕድዎ ፈቲኖም'ዮም። ወሲድካዮ ዘለኻ ተበግሶ ኣብ ምንጋር ታሪኽ ዝህልዎ ተራ ከመይ ትርእዮ?ብፍላይ ንኢትዮጵያውያን?**

ኣብቲ ኣነ ዝወሰድኩዎ ተበግሶ ኣድሂብ ክምልስ። ኩሎም ናብ ክፍሊ ዝኣተዉ ተመሃሮ ቐዳሞት ኣይወጽኡን እዮም። ቀዳማይ ዝወጽእ ኣሎ፡ ካልኣይ ዝወጽእ ኣሎ፡ ማእከላይ ኣሎ፡ ጭራ ዝወጽእ'ውን ኣሎ። እዚ ኣብ ኩሉ ሕብረተሰባት ዘሎ ሓቂ'ዩ። ኣነ፡ ጌና ናብ ውትህድርና ደርግ ከይተሰለፍኩ እየ ንወተሃደራት ፖለቲካ ዝምህር ነይረ። ንደቂ ኦሮሞ ዘይርድኦም ዝነበረ ናብ ቋንቋኦም ተርጒመ እምህሮም ነይረ። መምህር ብኣምሓርኛ ምስ መሃረ፡ ብኦሮሞኛ እምህሮም ነይረ - ጽቡቕ ገይሮም ክፈልጡዎ ምእንቲ። ጀነራላት ኢትዮጵያ ንረብሓኦም ዘገልግል ወገናዊ ጽሑፋት እዮም ዝጽሕፉ ነይሮም። ኣነ ግን ዕድለኛ ኹይነ ኣብ ክልቲኡ ወገን ነይረ። ስለዚ፡ መምህር እንተ ነይረ፣ ካድር እንተ ኾይነ፣ ረብሓኡ ተረዲኡኒ፡ ኣሚነሉ ኣብ ጐድኒ ህዝቢ ኤርትራ እንተ ተሰሊፈ፣ ክሳዕ ናጽነት ተቓሊሰ እንተ ኣትየ፣ ክሳዕ ዝመርጽ [ኣብ ረፈረንደም] እንተ በጺሐ፡ ቅሩብ ፍልይ ኢለ ኣለኹ ማለት'ዩ። ከም መምህር፡ ከም ካድር፡ ኣብ ውሽጠይ ዝመልአ ነገር ኣሎ ማለት'ዩ። ነዚ ከመይ ገይረ እየ ኣብ ጽሑፍ ዘስፍሮ ኢለ ሓሲበ። ከም ሰብ ክመውት'የ፣ ኣቐዲመ'ውን ክመውት እኽእል ነይረ። ብዙሓት ሞይቶም'ዮም፣ ኣምላኽ ግን ኣጽኒሑኒ'ሎ። እዚ ኹሉ ታሪኽ ቀሊል ኣይኰነን። ህዝባዊ ግንባር ዝሰርሖ ታሪኽ ቀሊል ኣይኰነን። ንሕና'ውን ዝገበርናዮ ቀሊል ኣይኰነን። ዘይተዘርበሉ ነገር ኣሎ። ህዝባዊ ግንባር ምሂሩና እዩ። እቲ ትምህሮ ናብ ተመሃራይ ብግቡእ ንኽመሓላለፍ፡ ተመሃራይ ተቐባሊ ክኸውን ኣለዎ። እንተ ዘይኰኑ መምህር ከሲሩ'ሎ። ንሕና ምስ ህዝቢ ኤርትራ ቀሊል ኣይኰንናን ሰሪሕና፣ ቀሊል ኣይኰንናን ተቓሊስና። ታሪኽ ዝዛረበሉ ብዙሕ ነገር ኣሎ። ዓሰርተታት ኣሽሓት ምሩኻት ቀሊል ቊጽሪ ኣይኰነን። ስለዚ፡ እቲ ቓልሲ ናይ ሓባር ነይሩ። ሳላ ህዝባዊ ግንባር ንቕሓት ንላዕሊ ኸይዱ። ንመስዋእቲ ድሉው ክሳዕ ትኸውን ስለ ዝተበጽሐ ኸኣ እዚ ታሪኽ'ዚ ክስነድ ኣለዎ! ክዝንቶ ኣለዎ! ኢለ። ነቲ ኹሉ ዝተሓልፈ ሒዘዮ ክቕበር የብለይን ኢለ ጽሒፈ። ካልኦት ስለምንታይ ዘይጽሕፉ ወይ ዘይጸሓፉ ዝተፈላለየ ምኽንያት ክህልዎም ይኽእል'ዩ። ዝበዝሑ ካብቶም ወተሃደራት ናብ ሽግር፡ ናብ ድኽነት እዮም ኣትዮም።

**ጽልዋኣ ኣብ ኢትዮጵያ ከመይ ረኺብካዮ?**

*ኣነ ዝገረመኒ፡ ወተሃደራት ደርግ ነበር፡ ማለት፡ ዘይተማረኹ፡ እንተስ ብሱዳን እንተስ በዚ ናብ ዓዶም ዝኣተዉ ከይተረፉ እዮም ዘመስግኑ ዘለዉ። 'እዚ ሰብ እዚስ ኣንጻርና ጽሒፉ፡ ክፋእና ኣውጺኡ' ክብሉ እየ ተጸብየ ነይረ። ንሳቶም ግን፡ 'ንስኻ ጥራይ ታሪኽና ጽሒፍካልና' ኢሎምኒ። ነዚ ጭቀኑን ሰራዊት ኢትዮጵያ ዘኪሩዎ ዝፈልጥ የለን። እዚ ኹሉ ጽምኢ ማይ! እዚ ኹሉ ጥሜት! እዚ ኹሉ ምውዳቕን ምትሳእን! እዚ ኹሉ ሞት! ኣብ ኤርትራ - ኣብ ሳሕል - ዝወደቕናሉ፡ 'ሃገርና፡ ባሕርና' ኢሎም ካብዚ ተወሲድና እዚ ኹሉ ተማሪኽና፡ ሞይትና ወላ ሓደ ኣይዘከረናን። ንስኻ ጥራሕ ኢኻ ዘኪርካና' ኢሎም ኣመስጊኖምኒ። ናይ ብሓቂ ዝተሓጒስኩላ መዓልቲ'ያ ነይራ። እቲ ዝገርም፡ ኣብ መመረቕታ መጽሓፈይ፡ ኣብ ኣዲስ-ኣበባ፡ ኣላዪ ናይቲ መደብ፡ 'ምስ ማሞ ዝነበርኩም፡ ተማሪኽኩም ዝነበርኩም እንተ'ሊኹም እስኪ ናብዚ ውጽኡ' ምስ በለ፡ ወተሃደራት ዝነበሩ፡ ተማሪኾም ናጻ ዝተለቁ፡ ኣብ ኢህወደግ ሰበ-ስልጣን ዝነበሩ ናብ መድረኽ ወጺኦም። እቲ ዝገረመኒ ግን ምሳና ዘይነበሩ፡ ዘይተማረኹ'ውን ናብቲ መድረኽ ወጺኦም። 'ማሞ ናትና ታሪኽ'ውን'ዩ ጽሒፉ' ድማ ኢሎም። ብሓፈሻ፡ እዚ ታሪኽ'ዚ ንምሩኻት ነበር ታሪኾም እዩ፡ እቶም ወተሃደራት ነበር ንገዛእ-ርእሶም፡ ወያነ ዘውደቖቶ 'ማሕበር ወተሃደራት ደርግ ነበር' ኣብዚ ግዜ ይምስርቱ ኣለዉ። መንግስቲ ማሕበር የቑመሎም ኣሎ። 'መጽሓፍካ ኣብቲ ማሕበር ክሽየጥ ኣለዎ' ይብሉ ኣለዉ። ኣብቲ መመረቕታ ዝተሳተፉ ኢትዮጵያውያን ዶካትር፡ ፕሮፌሰራት፡ ደረስቲ እዮም ነይሮም። ክብርን ዋጋን ድማ ሂቦማ። 'ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ኢትዮጵያን ዝተመስረተ ድልድል'ዩ፡ ሰነድ'ዩ፡' ብምባል ገሊጾም።*

***እቲ ዝኸድካዮ መድረኻት ገሊጽካዮ ኣለኻ። ነዚ መድረኻት'ዚ መን ኰይኑ ጽሒፉዎ ይኸውን እብል። ወተሃደር ደርግ፡ ምሩኽ ወተሃደር፡ ናጻ ዝተለቀ ምሩኽ፡ ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር. ነይርካ ኢኻ'ሞ፡ ክትጽሕፍ ከለኻ ዝያዳ መን ኴንካ ጽሒፍካ? ነዚታት ብኸመይ ኣተዓረቕካዮ?***

*ሓደ ካብቲ ገጸ-ባህሪ ክፈጥር ዝደለኹሉ ንሱ'ዩ ነይሩ። 'ማሞ ከምዚ ገይሩ፡ ከምቲ ገይሩ' ኢለ ነይረ እንተ ዝኸውን፡ ኣብ ገሊኡ ስምዒታት ምፈጠረ። ደራሲ፡ ኣብ ክልቲኡ ቦታ ነይሩ። ገበር ናይቲ መጽሓፍ እንተ ርኢኻ'ውን ኣብ ሓደ ኣካል ፍርቁ ወተሃደር፡ ፍርቁ ተጋዳላይ ኣሎ። ነዊሕ ስረ ዝገበረ፡ ቡት ጫማ ዝወደየ፡ ናይ ሓጺን ቈቢዕ ዝገበረ ሓደ ክፋሉ፡ ቍምጣ ስረ ዝተኸድነ፡ ኮንጎ ሻዕብያ ዝወደየ ኸኣ በቲ ኻልእ። ብግደ ሓቂ እቲ ጸሓፋይ ኢትዮጵያዊ ዜግነት ሒዙ'ዩ ጽሒፉዎ ዘሎ። ወተሃደር ኢትዮጵያ ነይሩ፡ ተጋዳላይ ኤርትራ ኰይኑ ናጽነት ዝረኣየ፡ ኣብ ረፈረንደም ናጽነት ኤርትራ*

ኣድሚጹ፡ ደሓር ተፋንዩ ናብ ኢትዮጵያ ዝኸደ ደራሲ እዩ ጽሒፉዎ። ብዝተኻእለ ነቲ ሓቂ ንዘይፈልጡ ከፍልጥ ኢለ'የ ጽሒፈ።

**ኣብ መጽሓፍካ ንተራ ደቀንስትዮ ፍሉይ ክብርን ቈላሕታን ጌርካሉ ኣለኻ። ምስ ደቀንስትዮ ዘለካ ምትእስሳር ክትገልጸልና?**

ኣነ ነደይ ብጣዕሚ እየ ዝፈትዋ። ክሳዕ ሕጂ ኣደይ ትገብራ ነገር እየ ዝገብር። ካብ ቍልዕነተይ ነደይ እናተኸታተልኩ፡ ንሳ ዝገበረቶ እናገበርኩ እየ ዓብየ። ብልግሲ ኣደይ ዝያዳ ሕጕስ ነይረ። ካብዚ ዝብገስ'ዩ ዝኸውን እቲ ምትእስሳር። ኣደይ ኣመና ሕውስቲ፡ ኣዕላሊት'ውን ነይራ። ኩሉ ሰብ ዘመድና እዩ ዝመስለኒ ነይሩ፡ ሕጂ'ውን ደቀይ ኩሉ ሰብ ዘመዶም እዩ ዝመስሎም። ካልኣይ፡ እቲ 'ማዕርነት ደቀንስትዮ' ዝብል፡ ብፍላይ ደሓር ናብ ህዝባዊ ግንባር ምስ መጻእና ዝተመሃርናዮን ንተጋደልቲ ኣብ ባይታ ምስ ረኣናየንን እቲ ንቕሓት ዝያዳ በሪኹ። ካብዚ ንደሓር ኣብ ልዕሊ ጓል-ኣንስተይቲ ዘሎኒ ክብሪ ሓይሉ። ህዝባዊ ግንባር ንዝነበረና መረዳእታ ብኹሉ ሓጺቡ'ዩ ኣንቂሑና። እዚ ኸኣ ክሳዕ ሕጂ ዝኽተሎ ዘለኹ መርገጺ እዩ። ብሓፈሻ፡ ተምሳል ህዝባዊ ግንባር ስለ ዝኾንና ኣብ ልዕሊ ደቀንስትዮ ክብሪ ክህልወና ግድን'ዩ። ንመጽሓፍ "እንተ በእናት" ኣብ ኤርትራ - ኣብ ኣስመራን ከረንን - ዝተገብረላ ናይ ምልላይ መደብ ርኢኻዮ ኣለኻ። መልሰግብሪ ኣንበብትኻ ከመይ ረኺብካዮ? ነዛ መጽሓፍ እዚኣ ክጽሕፍ ከለኹ፡ 'ታሪኽ ከይተነግረ ክተርፍ የብሉን' ኢለ'የ ጽሒፈያ። ግን ክንደይ ሰብ'ዩ ከንብባ ዝብል ሕቶ ነይሩኒ። ከምዚ ኢላ ህብብቲ ኰይና ኣብ ኢድ ሰብ ክርእያ ካልእ ነገር'ዩ። እቲ ታሪኽ ፍሉይ ምዃኑ እኣምን'የ። ኣብ ኢትዮጵያን ኤርትራን ጥራይ ዘይኰነ ኣብ ዞባናን ኣፍሪቃን'ውን ፍሉይ ክኸውን ይኽእል'ዩ። እዚ፡ ብርግጽ ህዝባዊ ግንባር ዝፈጠሮ'ዩ። ኣብ ኣፍሪቃ ብዙሓት፡ ብዙሓት ሓርነታውያን ውድባት ኣለዋ። ነዚ ታሪኽ'ዚ ምስ ኣንበባ ነፍሰን ምስ ህዝባዊ ግንባር ከነጻጽራ ክግድደን እዩ። ንቕሓት ናይቲ ውድብ ክሳዕ ክንደይ ምንባሩ ኣብ ልዕሊ ምሩኻት ዝነበሮ ኣተሓሕዛ ኣንቢብካ ክትግምግም ትኽእል ኢኻ። ስለዚ፡ ንዝኾነ ሓርነታዊ ምንቅስቓስ ጽቡቕ ኣብነት'ዩ። እዚ ታሪኽ'ዚ ጌና ኣብዚ ደው ዝብል ኣይኰነን፡ ንዝያዳ ክትዓት፡ መጽናዕቲ ዝዕድም ኰይኑ ይስምዓኒ። እዚ ኸኣ ብቐንዱ ንሓይሊ ህዝባዊ ግንባር ዝገልጽ'ዩ። ካብቲ መጽሓፍ፡ ዝቀታተሉ ዝነበሩ ሰባት ኣብ መርዓን ውላድን በጺሖም ምርኣይ ንብዙሓት ዝምስጥ ዘሎ ክፋል እዩ። ብዝተፈላለየ መንገዲ ርእይቶታት ክመጽኣኒ ምስ ጀመረ ነቢዐ'የ። 'ኤርትራውያን ከምዚ ድዮም ዝርእዩኒ፡ ክሳዕ ክንድዚ ድዮም ዘኽብሩኒ!' ኢለ ተገሪመ። ናብ ኤርትራ ኣብ ዝመጻእኩሉ፡ ኤርትራውያን ብዛዕባ ኩነታተይ ይፈልጡ'ዮም

ዝብል ግምት ኣይነበረንን። ሓደ ግዜ ምስ ተስፋዬ ገብርኣብ ምስ ተደዋወልና፣ 'ማሞ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ኤርትራ ዘለካ ክብሪ ዘገርም'ዩ' ኢሉኒ ነይሩ፡ ሓቂ'ዩ። ብዙሕ ሰብ ነቲ ኣብ ማዕከናት ዜና ዝገበርኩዎ ቃለ-መጠይቕ ተኸታቲሉዎ ጸኒሑኒ። ነዚ ምስ ረኣኹ፡ 'ነዛ መጽሓፍ እንቋዕ ጸሓፍኩዋ፡ ኣምላኽ'ዩ ኣማኺሩኒ፡' ኢለ። መጀመርታ ፒሮን ወረቐትን ከራኽብ ከለኹሲ ናይ ኣምላኽ ኢድ ነይሩዎ ኢለ፣ ናይቲ ዝፈሰሰ ደም፡ ናይቲ ኤርትራውያን ምእንቲ ሃገሮም ዝተኸሉዎ ቃልሲ።

***መጽሓፍካ ብቛንቋ ኣምሓርኛ ተጻሒፉ'ላ። ናብ ቛንቋ ትግርኛ'ውን ትትርጎም ኣላ። እዚ ዛንታ'ዚ ግን ኣድማሳዊ ኰይኑ ይስምዓኒ። ስለዚ፡ ናብ ቛንቋ እንግሊዝኛ እንተ ተተርጒማ ዓለም ክንብባ ይኽእል'ዩ'ሞ እንታይ ሓሳብ ወይ መደብ ኣሎ? ብተወሳኺ፡ ናብ ቛንቋ ኦሮሞኛኸ?***

ናብ ኦርሞኛ ሓደ መሳርሕተይ ዝነበረ ድሮ ተርጒሙዋ'ሎ። ዘካየድኩዎ ቃለመጠይቕ ዝሰምዐ ተወላዲ ኦሮሞ ዘበለ፡ 'ኣበይ ኣላ እዛ መጽሓፍ እዚኣ?' ይብል ኣሎ። ናይ ገንዘብ ሕጽረት እንተ ዘይኰይኑ ተሓቲማ ክትዝርጋሕ ተዳልያ ኣላ። ኣብዚ ዝሓለፈ ሰላሳ ዓመት ዝተፈጥሩ ደቂ ኦሮሞ ኣምሓርኛ ኣይፈልጡን እዮም። ስለዚ፡ እዛ ናይ ኦሮሞኛ፡ ኣሕታሚ እንተ ረኺበ ቀልጢፈ ክሕትማ እየ። እታ ናይ እንግሊዝኛ'ውን ገለ-ገለ ምልክታት ርእየ ኣለኹ። ግድን ክትትርጎም ኣለዋ። ካብዚ ዘላቶ ንላዕሊ ክትከይድ፡ ዓለም-ለኻዊት ክትከውን ኣለዋ። እቲ ታሪኽ ንዕኡ ዝበቅዕ'ዩ። ብዝተፈላለየ ወገን ክንትርጎማ ዝብሉ ሰባት ተፈጢሮም ኣለዉ። ብቕዓት ዘለዎ ክገብራ ኸኣ ዝሓሸ'ዩ። ሓደ እዋን ካብ ጫፍ ኦሮምያ፡ ካብ ዶብ ሱዳን፡ ገለ ሰባት ደዊሎምለይ። 'ኣይትፈልጠናን ኢኻ፡ መጽሓፍካ ግን ኣንቢብናያ' ኢሎምኒ። 'መጽሓፈይ ኣብኡ በጺሓ?' ሓቲተዮም። 'እረ ከይዳ ሓሊፋ ኣላ፡ ንሕና ተጋደልቲ ኦሮሞ ኢና፡ ብጣዕሚ ተሓጒስና ኣለና፡ በርትዑ ጽሓፉልና፡ ' ኢሎምኒ። ካብዚ ዝዓቢ ዕግበት የለን። እታ መጽሓፍ መምሃሪት'ውን ትኸውን ኣላ። ኣብ ውግእ ዘሎ ወገን ክመሃረላ እንተ ኽኢሉ፡ 'ዝማረኽካዮ ኣይትቕተል!' ክትከውን'ያ እታ ነገር። እዚ ኸኣ፡ ኣብቲ መጽሓፍ ሰፊሩ ከም ዘሎ፡ ባህሊ ህዝባዊ ግንባር እዩ። ኣንቢቦማ ርእይቶኦም ክህቡኒ ካብ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝድውሉለይ ተመሃሮ'ውን ኣለዉ። እቲ ተቐባልነት ላዕሊ ይኸይድ ኣሎ። ኣብዚ እንታይ ምበልኩ፡ ታሪኽና ተዘንቱ ክሳዕ ዝኾነት፡ ኣብ ምዝርጋሓን ዝያዳ ኣብ ምልላያን ዝኹነ ሰብ ክቃለሰላ ኣለዎ።

*ሓዳስ ኤርትራ*

14 - 21 *መጋቢት* 2023